Washington State Health Care Authority

washington healthplanfinder
click. compare. covered.

# መሰላትን ሓላፍነትን ሽፋን ክንክን ጥዕና

**ኣብዚ ሰነድ፡**

- **ክፍሊ 1** ኩሉ ናይ ጥዕና ክንክን ሽፋን መደባት
- **ክፍሊ 2** Washington Apple Health ጥራሕ
- **ክፍሊ 3** ብቑዕ ናይ ጥዕና ትልሚ ጥራሕ
- **ክፍሊ 4** ጥርዓን ምእታው

## 1. ኩሉ ናይ ጥዕና ክንክን ሽፋን መደባት

### መሰላትኩም

Washington Health Benefit Exchangeን በዓል መዚ ክንክን ጥዕናን ክስዕብ ኣለዎ፤

**ናይ ሕቶ ቅጥዕታት ንኽተንብብን ንኽትመልእን ምሕጋዝ።** Washington Health Benefit Exchange (HBE) Washington Healthplanfinder የመሓድር፣ ኣብኡ ድማ ንሽፋን ጥዕናኻን ስኒኻን ንምምልካትን ንምምሕዳርን ትኽይድ። ንሓገዝ ንማእከል ደገፍ ዓማዊል Washington Healthplanfinder ብስልኪ ቁጽሪ 1-855-923-4633 ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም። ዕድመ ዝደፍኡ፣ ዓይነ ስዉር ወይ ስንኩል ወይ ናይ ነዊሕ ግዜ ኣገልግሎትን ደገፋትን (LTSS) ዘድልየኩም ውልቀሰብ እንተኾንኩም ንክፍሊ ማሕበራውን ጥዕናውን ኣገልግሎታት (DSHS) ብስልኪ ቁጽሪ 1-877- 501-2233 ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**ምስ** HBE፣ **በዓል መዚ ክንክን ጥዕና** (HCA)፣ **ወይ** DSHS **ኣብ እትረዳድኣሉ እዋን ብዘይ ዝኾነ ወጻኢ.ታትን ብዘይ ወዓል ሕደርን ኣገልግሎት ተርጓሚ ወይ ተርጓሚ ምሃብ** ። ኣብ ዝኾነ እዋን ክትረኽበና ከለኻ ተርጓሚ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

**ውልቃዊ መረዳእታታትካ ብምሽጥር ይሕዝ** ኮይኑ ግና ንብቑዕነትን ምዝገባን ዝተወሰኑ መረዳእታታት ንካልኦት ክልላውን ፌደራላዉን ኤጀንስታት ክነካፍል ንኽእል፡፡ HBE ምሽጥራውነት ፖሊሲ ኣብ **wahealthplanfinder.org/us/en/privacy-policy.html** ኣንብብ፡፡

**ንብቑዕነትካ ንሽፋን ጥዕና፣ LTSS፣ ውጥን ጥዕና፣ ንናይ ጥዕና መድሕን ዋጋ ግብሪ ምሕረት፣ ዋጋ ሓገዝ ወይ ምጉዳል ምክፍፋል ወጻኢ.ታት ዝጸሉ** ብHBE **ወይ** DSHS **ዝተገብረ ውሳነ እንተዘይተሰማሚዕካ ይግባይ ክትብል ዕድል ይህበካ** ። ይግባኣኒ ብምባል ጉዳይካ ዳግም ይርአ፡፡ ብዛዕባ መስርሕ ይግባይ HBE ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም ኣብ **wahbexchange.org/contact-us/appeals** ብምእታው ወይ ድማ ንማእከል ደገፍ ዓማዊል Washington Healthplanfinder ብስልኪ ቁጽሪ 1-855-923-4633 ብምርካብ። ናይ DSHS መደብ ይግባይ ብዛዕባ ምሕታት መረዳእታ ብምርካብ ን DSHS ብ1-877-501-2233 ርኸብ ወይ ናይ ገዛን ማሕበረሰብ ኣገልግሎት ቤት ፅሕፈት ጎብንይ፡፡ እቲ ናይ ይግባይ ሕቶ ን Washington Apple Health (Medicaid) ሽፋን እንተኾይኑ ንምምሕዳራዊ መጋባኣያ መደብ ክተሓዘልካ እዩ፡፡

**ብቐንዕና ነተኣናግድ። ኣድልዎ ኣንጻር ሕጊ እዩ።** HBE ንHCA ብናይ ፌደራል ሰብኣዊ መሰላት ሕጊ ይግዛእን፤ ዘርኢ፣ ቀለም፣ መበቆል ብሄር፣ ዕድመ፣ ስንክልና ወይ ጾታ መሰረት ገይሩ ኣድልዎ ኣይፍጽምን፡፡ HBE ን HCA ሰባት ብዘርኦም፣ ሕብሪ ቆርበት፣ መበቆል ሀገር፣ ዕድመ፣ ስንክልና ወይ ፆታ ምኽንያት ሰባት ኣየግልልን ወይ ሰባት ብዝተፈለየ መንገዲ ኣየተኣናግድን፡፡

ብተወሳኺ HBE ን HCA ብናይ ፌደራል ሕጊ ይግዛእን ብመሰረት እምነት፣ ጾታ፣ ጾታዊ መንነት፣ ጾታዊ ድልየት፣ ኩነታት ሓዳር፣ ሃይማኖት፣ ብኽብሪ ዝተሰናበተ ምኩር ወይ ወተሃደራዊ ኩነታት፣ ወይ ስንክልና ዘለዎ ሰብ ብዝጥቀሞ ዝሰልጠነ ከልቢ ወይ ናይ ግልጋሎት ከልቢ ኣድልዎ ኣፍጽምን፡፡

**HBE ን HCA:**

- **ስንክልና ንዘለዎም ሰባት ምሳና ብዝግባእ ንኽራኸቡ ናጻ ሓገዝን ግልጋሎትን የቕርብ፡፡**
  - ብቑዓት ዝኾኑ ናይ ምልክት ቋንቋ ተርጎምቲ
  - ብካልኦት ፎርምታት ናይ ጽሑፍ መረዳእታ (ብዓብዩ ዝተሓተሙ፣ ክርከቡ ዝኽእሉ ኤሌትሮኒክ ፎርምታት፣ ካልኦት ፎርምታት)
- **እንግሊዘኛ ናይ መጀመርያ ቋንቁኦም ንዘይኮነ ሰባት ከምዞም ዝስዕቡ ዓይነታት ናጻ ግልጋሎት ቋንቋ፡**
  - ብቑዓት ተርጎምቲ
  - ብኻልኦት ቋንቋታት ዝተጽሓፈ መረዳእታ እንተድኣ ደሊኻ ብ1-855-923-4633 ርኸብ፡፡

HBE ወይ HCA እዞም ግልጋሎታት ኣብ ምቕራብ ኣይከኣለን ወይ ኣድልዎ ተፈጺሙ ኢልካ እንተድኣ ሓሲብካ ጥርዓንካ ብዚ ዝስዕብ ክተቕርብ ትኽእል፡

- **Washington Health Benefit Exchange Legal Department**
  ATTN: Legal Division Equal Access/Equal Opportunity Coordinator
  PO Box 1757
  Olympia, WA 98507-1757
  1-855-859-2512
  **ፋክስ፡-** 1-360-841-7653
  **appeals@wahbexchange.org**

- **Health Care Authority Division of Legal Services**
  ATTN: Compliance Officer
  (ADA/Nondiscrimination Coordinator)
  PO Box 42704
  Olympia, WA 98501-2704
  1-855-682-0787
  **ፋክስ፡-** 1-360-507-9234
  **compliance@hca.wa.gov**

ጥርዓን ብኣካል ወይ ብፖስታ፡ ብፋክስ ወይ ብኢመይል ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ። ጥርዓን ኣብ ምእታው ደገፍ እንተድኣ ደሊኻ ናይ ዋሽንግተን ናይ ጥዕና ጥቕምታት ጥርዓን ሕጊ ክፍሊ ወይ HCA ናይ ሕጊ ኣገልግሎት ክፍልታት ድልዋት እዮም፡፡

ብተወሳኺ ድማ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ጥርዓንካ ናብ ኣሜሪካ ክፍሊ ጥዕናን ሰብኣዊ ኣገልግሎታት ቤት ጽሕፈት ሰብኣዊ መሰላት ብዚ ዝስዕብ ብኢሜይል፣ ቡስጣ፣ ቴሌፎን ወይ ኦንላይን ብ፡

**U.S. Department of Health and Human Services**
200 Independence Avenue SW
Room 509F, HHH Building
Washington, D.C. 20201
**ቴሌፎን፡** 1-800-368-1019, 800-537-7697 (TDD)
ኢሜይል: **ocrmail@hhs.gov**
ኦንላይን: **ocrportal.hhs.gov/ocr/smartscreen/main.jsf**

ናይ ጥርዓን ቅጥዕታት ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ይርከቡ፤ **hhs.gov/sites/default/files/ocr-cr-complaint-form-package.pdf**

## ውልቀ ሐላፊነታቶም

**ማሕበራዊ ውሕስና ቁፅሪ (SSN) ወይ ናይ ስደተኛታት ሰነድ ቁፅሪ እንተድኣ ኣለካ** ክተቕርብ ትኽእል ኢኻ፡፡ SSN ወይ ናይ ስደተኛታት ሰነድ እንተዘይሃልይካ ንጥዕና ክንክን ሽፋን ክተመልክት ትኽእል ኢኻ፣ እንተኾነ ግና ኣብ ኩሎም መደባት ንፋይናንሳዊ ደገፍ ንምርካብ ብቑዕ ከይትኸውን ትኽእል ኢኻ፡፡ እዚ መረዳእታ መንነትካ፣ ዜግነትካ፣ ናይ ስደተኝነት ኩነታትካ፣ ዕለት ልደትን ካልኦት ሽፋናት ተበፃሕነት ብምርግጋፅ ንጥዕና ክንክን ብቑዕ ምኳንካ ዘይምኳንካ ንምርግጋጽ ንጥቀመሉ ኢና፡፡ እዚ መረዳእታ ምስ ዝኾነ ናይ ኢሚግሬሽን ኤጀንሲ ኣየነካፍልን። ንገለገለ ናይ ግብሪ ክረዲታትን መደባት SSN የድልይ እዩ፡፡

ናይ ዓርስኻ ወይ ኣብ ገዛኻ ዘሎ ሰብ SSN ወይ ናይ ስደተኝነት መረዳእታ ቁፅሪ እንተዘየቕሪብካ ተወሳኺ መረዳእታ ንምርካብ ዳግማይ ክንሓተካ ንኽእል ኢና፡፡ ብቑዕ ምኳንካ ንምውሳን ዘድልይ ዝኾነ ዓይነት መረዳእታ ወይ መረጋገፂ እቲ ኤጀንሲ እንተሓቲቱ ክተቕርብ ኣለካ፡፡

## ክትፈልጦም ዘለካ ነገራት

ንኣሰራርሓ Washington Healthplanfinder ብግዝኣት ዝመሓደሩ ስርዓታት መመልከቲን፣ ከም ሓደ ተጠቃሚ ሰብ ዘለካ መሰላትን ሓላፍነትን ነዚ ብምጥቃምካ እትረኽቦ ሽፋንን ዝምልከት ዝተወሰኑ ናይ ግዝኣትን ፌደራልን ሕግታት ኣለዉ። እዞም ስርዓታት ብምጥቃምካ፤ ከም ተጠቃማይነትካን ሽፋን ብምርካብካን እዞም ሕግታት ክተኽብር ትስማዕማዕ ኣለኻ።

**ኩለን ግዝኣታት ብቤት ጽሕፈት ሓገዝ ህዝብታት ኣቢለን ኣብ ናይ ድምጺ ምሃብ ምዝገባ ሓገዝ ንኽህባ ናይ 1973** ብሔራዊ ሕጊ ምዝገባ ድምፂ ምሃብ ይሓትት። ንምምዝጋብ ምምልካት ወይ ድምፂ ንምሃብ ምዝገባ ምንፃግ ናይዚ ሽፋን ብቑዕነት ወይ ጥቕምታትን ኣገልግሎታት ወይ ብኤጀንሲና ኣቢሉ ዝቐርቡ ጥቕምታት ኣይፀሉን፡፡ ብ **vote.wa.gov** ኣቢልኩም ክትምዝገቡ ወይ ብ 1-800-448-4881 ብምድዋል ናይ ምዝገባ ቅጥዒ ክትእዝዙ ትኽእሉ ኢኹም፡፡

**ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ተሰካማይነትን ተሓታትነትን ሕጊ (HIPAA)** ገደባት፤ HBE፣ HCA ንDSHS ናይ ባዕልካን ናይ ኣባላት ገዛኻን መረዳእታ ጥዕና፤ እቲ ዉልቀሰብ ጠበቃ ተዘይኮይኑ ወይ ድማ እዚ መረዳእታ ንኽካፍሉ ዝፈቅድ ዝተፈረመ ቅጥዒ እንተዘይሃልዩካ ዝተፈቐደሉ ተወካሊ ሓዊስካ ምስ ዝኾነ ሰብ ከየካፍሉ ይግድቦም፡፡ እዚ ናይ ጥዕና ኣእምሮ ኩነታት፣ HIV፣ AIDS፣ STD ምርመራ ዉጽኢታት፣ ወይ ክንክንን ኬሚካል ጽግዕተኝነት ግልጋሎታት የካትት፡፡ ብዛዕባ ናይ HBE ምሽጥራውነት ፖሊሲ ተወሳኺ መረዳእታ ንምርካብ **wahealthplanfinder.org/_content/PrivacyPolicy.html ረአይ።**

**ሕጊ ርትዓዊ ክንክን** HBE፣ HCA ን DSHS ን ንዓኻ ወይ ዝኾነ ኣባል ስድራቤትካ ውልቃዊ መለለዪ ሓበሬታ (PII) ንዝኾነ ክቕበሎ ዘይፍቀደሉ ሰብ፡ ከምኡ'ውን ብዘይ ፍቓድካ ከይህቡ ይኽልክል።

**ን HBE፣ HCA፣ ን DSHS እትህቦ መረዳእታ** ብፌደራልን ስቴት ሰበስልጣናት ዝረጋገፀ እንትኸውን እዚ ድማ ናይ ጥዕና ክንክን ሽፋን ብቑዕነት ንምውሳን እዩ፡፡ ምርግጋፅ ከይዲ ድማ ድሕሪ ብቑዕነት ገምጋምን ናይቲ ኤጀንሲ ሰራሕተኛታት ክትትል ምግባር የካትት፡፡

**ብመንገዲ Washington Healthplanfinder ኣቢልካ ናይ ጥዕና መድሕን መመልከቲ ክትመልእ እንተጀሚርካን ብዝኾነ ምኽንያት ኑቲ መስርሕ እንተዘይፈጺምካን፡** ሓበሬታኻ ኣብ Washington Healthplanfinder ክኽዘንን ን 90 መዓልታት ክትረኽቦ ትኽእልን ኢኻ። ድሕሪ እቲ ናይ 90 መዓልታት ግዜ መመልከቲ እንተዘይመሊእካዮ፡ ሓበሬታኻ ካብ ስርዓት Washington Healthplanfinder ይስረዝ።

**HBE፣ HCA ንDSHS ናይ ጥዕና ክንክን ትልምኻ ናይ ምምሕዳር ሓላፍነት የብሎምን።** ትካል መድሕን ጥዕናኻ ብዛዕባ ጥቕምታትካ ዝያዳ ሓበሬታ ክህበካ ይኽእል እዩ።

ኣብ ትልምኻ ካብ ክፍሊት ወጻኢ ንኣየንኣም ጥቕምታት ሕጋዊ ከምዝኾንካ ጥቕሚ ሕቶ ወይ ናይ ጥቕሚ ምኽላእ ይግበኣኒ ሕቶ ሓዊሱ ብዛዕባ ናይ ኢንሹራንስኻ ትልሚ ዝኾነ ሕቶ እንተድኣሃልዩካ ንጥዕና ኢንሹራንስ ኣቕራቢኻ ሰራሕተኛ ክተዘርብ ኣለካ። ብመንገዲ (Washington Healthplanfinder) ዝተዓደገ ዝኾነ ይኹን ሽፋን መድሕን ጥዕና ብምቁራጹ ን COBRA ብቑዕ እንተኾንካ፡ COBRA ምምሕዳርን ዘድሊ ናይ COBRA ምልክታታትን ናይ ምርጫ ግዜን ምሃብን ሓላፍነት ኣስራሒኻ'ዩ።

**ካብቲ ዝመረጽካዮ ናይ መድሕን ተሸካሚ ናይ ምጽዳቕ ደብዳቤን ናይ መድሕን ፖሊሲን፡ ብናይ መድሕን ውዕል ወይ ምስክር ወረቐት እውን ዝፍለጥ ክሳብ ዘይረኸብካ፡** ዝኾነ ናይ ሕጂ ሽፋን መድሕን ኣይትስረዝ ወይ ዝኾነ ናይ COBRA ጥቕምታት ኣይትነጽግ። ንውዕላት ናይቲ ፖሊሲ ከም ዝተረዳእካን ከም እትሰማማዕን ኣረጋግጽ፣ ንውጽኢታዊ ዝኾነሉ ዕለት፣ ናይ ምጽባይ ግዜ፣ መጠን ዋጋ ፕሪሚየም፣ ጥቕምታት፣ ደረት፣ ምግላልን ተቐዳደምትን ፍሉይ ኣቓልቦ ምሃብ።

## 2. Washington Apple Health ጥራሕ

### መሰላትኩም

Washington Health Benefit Exchangeን በዓል መዚ ክንክን ጥዕናን ክስዕብ ኣለዎ፤

**እንተሓቲተካ መሰላትካን ሓላፍነትካን** ክንገልጸልካ።

**እንተነኣሰ ስምካ፣ ኣድራሻኻን ፊርማኻ ወይ ድማ** ናይቲ ኣመልካቲ ሕጋዊ ወኪል ክታም ዘካተተ ክፋላዊ መመልከቲ ንኽተእቱ ይፈቅድ። ክፋላዊ መመልከቲ እትቕበለሉ መዓልቲ ናይ መመልከቲኻ ዕለት እዩ፣ እዚ ድማ እቲ ሽፋንካ ክጅመር እንከሎ ጽልዋ ከሕድር ይኽእል፡፡ እቲ መመልከቲ ክሳብ ትዉድእ ብዛዕባ ሽፋንካ ናይ መወዳእታ ዉሳነ ኣይነሕልፍን።

ኣብ WAC 182-503-0005 ብዝተጠቐ ዝኾነ ዓይነት ዝርዝር ሜላ ብምጥቃም **ንክትመልክት ይፈቅድ ወይ መመልከቲ ብኽፋል ንክትቕምጥ ይፈቅድ፡፡**

ካብቲ ኣብ ትሕቲ WAC 182-503-0060 ዝተገለጸ ሰዓት እንተይሓለፈ **መመልከቲኻ ብስሩዕ ፕሮሰስ ክንገብሮ ኢና።**

**10 ካላንደር መዓልትታት ይሀብ** ብቑዕነት ንምውሳን ግዝ የድልየና፡፡ ተወሳኺ ሰዓት እንተሓቲትካ ተወሳኺ ሰዓት ክንህበካ ኢና፡፡ መረዳእታ እንተዘይሂብካና ወይ ንተወሳኺ ግዝ እንተሓቲትካ ናይ ጥዕና ክንክን ሽፋንካ ክንቃዎሞ፣ ክንዓጽዎ፣ ወይ ክንቅይሮ ንኽእል።

**ዝኾነ መረዳእታ ንምርካብ እንተተጸጊምካ** ወይ ብቑዕ ከም ዝኾንካ ንምዉሳን መረጋገጺ እንተደሊና ክንሕግዘካ ኢና። ገንዘብ ክተዉጽእ ዝገብረካ ዶክሜንት እንተድኣ ሓቲትናካ ንቲ ወጻኢ ንኽንከፍል ክንልእኸልካ ኢና።

መብዛሕትኡ እዋን ናይ ጥዕና ክንክን ሽፋንካ ቅድሚ ምቑራጽና እንተነኣሰ ቅድሚ **10 መዓልትታት ክነፍልጠካ ኢና።**

**ኣብ መብዛሕትኡ ጉዳይ ኣብ ዉሽጢ 45 መዓልትታት ናይ ጽሑፍ ዉሳነ ክንህበካ ኢና።** ንሓደሓደ ናይ ስንክልና ናይ ጥዕና ክንክን ሽፋን ጉዳያት ክሳብ 60 መዓልትታት ክወስድ ይኽእል፡፡ ናይ ጥንሲ ሕክምና ዉጽኢት ኣብ ዉሽጢ 15 መዓልትታት ብጽሑፍ ንህብ፡፡

**ጉዳይካ ኦዲት እንተድኣ ጌርናዮ** ንኣጻረይቲ ንኸየተዘርብ ንፈቅድ። እቶም ኣጻረይቲ ናብ ዝዛኻ ክተእትዎም ድዱታ ኣይኮነን፡፡ እቲ ኣጻራይ ካልእ ግዝ ንኽመጽእ ክትሓትት ትኽእል፡፡ ከምዚ ዓይነት ሕቶ ኣብ ናይ ጥዕና ክንክን ሽፋን ብቑዑነትካ ጽልዋ ኣየሕድርን።

ብሕድሕድ WAC 182-504-0125 መሰረት ንካልእ ፕሮግራም ብቑዕ ምኻንካ ክሳብ **ንዉስን ናይ Washington Apple Health ይቕጽል።**

ብቑዕ እንተድኣ ኮይንካ ከምቲ ኣብ WAC 182-503-0120 ዝተገለጸ **ማዕረ ናይ ግሊጋሎት ቀረብ ይዋሃበካ።**

### ውልቀ ሐላፊነታቶም

ከምዚ ዝስዕብ ክትገብር ኣሎካ፦

ኣብ WAC 182-504-0105ን WAC 182-504-0110ን ከምቲ **ዝድለ ለውጢ ካብ ዝመጽእ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሪፖርት ምቕራብ።** እንታይ ዓይነት ለውጢ ክትሕብር ከምዘለካ ንምርኣይ ናይ ምጽዳቕ ደብዳቤኻ ኣንብብ።

**ምሉእ ምሕዳስ** ምስ ተሓተተ።

**ንኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ሕሳብ ንምኽፋል** ዘድሊ ሓበሬታ ንወሃብቲ ሕክምና ምሃብ።

**ንMedicare መሰል** እንተሃልዩካ ኣመልክት።

ክትሕተቱ ከለኹም **ምስ HCA ሰራሕተኛታት ምትሕብባር።**

### ክትፈልጦም ዘለካ ነገራት

ናይ ዋሺንግተን Apple Health ሕቶ ብምሕታትካን ብምቕባልካን፤ ንዋሽንግተን ስቴት ዝኾነ ናይ ሕክምና ሓገዝን ዝኾነ ናይ ክንክን ጥዕና ሳልሳይ ወገን ክፍሊታት ኩሉ መሰል ሂብካ ማለት እዩ።

- **እቲ ኤጀንሲ ናይ ዉላድካ ኢሚዩናይዜሽን ታሪኽ** ምስ ናይ ህጻናት ፕሮፋይል ኢሚዩናይዜሽን መከታተሊ ስርዓት ክካፍል ይኽእል።
- **እቲ ሪፖርት እትገብሮ መረዳእታ ከም ናይ ጥዕና ክንክን ሽፋን፤** ናይ ገንዘብ ሓገዝ፣ ናይ መግቢ ሓገዝን ናይ ህጻናት ክንክን ድጎማ ኣብ ዝኣመሰሉ ፕሮግራማት ንወርሓዊ ጥቕማጥቕሚ ብቑዕነትካ ንምፍላይ ንDSHS ክቐርብ ይኽእል እዩ።

**ብመሰረት ሕጊ፣ ናይ ዋሺንግተን ስቴት ንዝተወሰኑ ዓይነታት ግልጋሎት ሕክምና ዝኽፍሎም ወጻኢታት ብናይ ጥሪት ምምላስ ኣቢሉ**

(RCW 41.05A.090፣ RCW 43.20B.080፣ ምዕራፍ 182-527 WAC) ካብ ጥሪትካ ወጻኢታቱ ክምልስ ይኽእል እዩ ። ናይ ኢስቴት ክፍሊት ክሳዕ እትመውት፣ መፃምድኻ ክትመውት ከላን ደቅኻ 21 ወይ ልዕሊኡ ክሳዕ ዝበፅሑ ኣይክፈልን። ብተወሳኺ ክትሞት ከለኻ እቲ ዝተረፈ ቆልዓ ዓይነ ስዉር/ስንኩል እንተድኣ ኮይኑ እዚ ኣይፍጠርን። ዝምለሱ ወጻኢታት ዘካትትዎ፡

- እቲ ግልጋሎት ኣብ ትቕበለሉ ግዘ ዕድመኻ 55 ወይ ልዕሊኡ እንተድኣ ኮይኑ፤ ዝተወሰኑ ናይ Washington Apple Health ናይ ነዊሕ እዋን ግልጋሎትን ሓገዝን፡
- እቲ ግልጋሎት ኣብ እትቕበለሉ እዋን ዝነበረካ ዕድመ ብዘገድስ፣ ስቴት ጥራሕ ፈንድ ዝገብሮም ግልጋሎታት፡፡

ኣብ ዝምለሱ ወጻኢታት ዝተመስረቱ ግልጋሎታት ዝረዝር ኣብ ትሕቲ WAC 182-527-2746 ትረክብ፡፡ ኣብ ትሕቲ WAC 182-527-2754 ካብ ዝምለሱ ወጻኢታት ዝርዝር ዘይካተቱ ንብረታት ዝርዝር ክትረክብ ትኽእል፡፡ እቲ ስቴት ብመሰረት ረቛሒታት 42 U.S. ኮድ 1396p ድሕሪ ሞት ንኽሓዊ ቅድሚ ሞት ቅብሊት እውን ክቕርብ ይኽእል እዩ፡፡ ናይ ዓሌታት መሬትን ዝተወሰኑ ንብረታትን ናይ ኣሜሪካውያን ህንዳውያንን ደቀባት ኣላስካን ካብ ምሕዋይ ነጻ ክኾኑ ይኽእሉ (WAC 182-527-2754)። እዚ ዝስዕብ እንተዘይኮይኑ፣ ስቴት ካብ እትሽጦ ግዝ ወይ ጥሪት ክምልስ ይኽእል እዩ፤

- መጻምድትኻ ኣብቲ ንብረት ይነብር፤
- ሓዉካ ወይ ሓፍትኻ ኣብቲ ግዝ ይነብር/ትነብር እንድኣ ኮይና፣ ናይ ሓባር ወናኒ/ወናኒትን ዝተወሰኑ ኩነታት ተማልእ/ዘማልእ እንተድኣ ኮይኑ፡፡
- ዉላድካ ኣብቲ ግዝ እንተድኣ ዝነብር ኮይኑን ዓይነ ስዉር/ስንኩል እንተኾይኑ፡ ወይ
- ዉላድካ ኣብቲ ግዝ ዝነበርን ዕድምኡ ትሕቲ 21 እንተድኣ ኮይኑ፡፡

ኣብ ዝምለሱ ወጻኢታት ዝተመስረቱ ግልጋሎታት ዝረዝር ኣብ ትሕቲ ቅድሚ-ሞት WAC 182-527-2734 ትረክብ።

ካብቲ ኣቕራቢኻ ዘየድሊ ናይ ክንክን ጥዕና ግልጋሎት እንተድኣ ደሊኻ ኣብ ሓደ ኣቕራቢ ክንክን ጥዕና ፣ ቤት መድሓኒት ወይ ሆስፒታል ክትድረት ትኽእል።

## 3. እቲ ብቑዕ ናይ ትዕና ትልሚ ጥራሕ

### ክትፈልጦም ዘለካ ነገራት

ብ Washington Healthplanfinder ኣቢልካ ኣብ ብቑዕ ናይ ጥዕና ክንክን እንተድኣ መዝጊብካን ብቑዕነትካ ንምርግጋፅ እኹል ዝኾነ መረዳእታ እንተዘየቕሪብካ፣ ናይ ብቑዕነት መለክዒ ንምምላእ ተወሳኺ መረዳእታ ንምቕራብ 90 መዓልቲ ይህልወካ፡፡ ኣብ ክንዳኻ ኣቐዲሞም ዝኸፈሉ ናይ ግብሪ ክረዲት ዳግማይ ኣብ ግምት ይኣትው፡፡

**ማሕበራዊ ውሕስና ቁፅሪ (SSN) እንተድኣ ኣለካ ኣብ መመልከቲኃ ክተቕርብ ኣለካ፡፡** SSN እንተዘይሃሊይካ ኣብ Washington Healthplanfinder ናይ ጥዕና መድሕን ክትገዝእ ትኽእል ኢኻ፡፡ እዚ መረዳእታ መንነትካ፣ ዜግነትካ፣ ናይ ስደተኝነት ኩነታትካ፣ ዕለት ልደትን ካልኦት ሽፋናት ተበፃሕነት ብምርግጋፅ ንጥዕና ክንክን ብቑዕ ምኳንካ ዘይምኳንካ ንምርግጋጽ ንጥቀመሉ ኢና፡፡ እዚ መረዳእታ ምስ ዝኾነ ናይ ኢሚግሬሽን ኤጀንሲ ኣየነካፍልን፡፡ SSN ዝሕተት ንገለገለ ናይ ግብሪ ክረዲትን መደባትን እዩ፡፡

ንዓርስኻ ወይ ኣብ ገዛኻ ንዝነብር ሰብ ማሕበራዊ ውሕስና ቁፅሪ እንተዘየቕሪብካ ተወሳኺ መረዳእታ ንምርካብ ክንሓተካ ንኽእል ኢና፡፡

**ብ Washington Healthplanfinder ኣቢልካ ኣብ ብቑዕ ናይ ጥዕና ትልሚ እንተድኣ ተመዝጊብካን ኣብ ኣታዊኻ ለውጢ እንተድእ ኣሎ** ብቕልጡፍ ክትሕብረና ኣለካ፡፡ ኣብ ኣታዊ ዝህልው ለውጢ ነቲ ብቑዕ ዝኾንካሉ ናይ ግብሪ ክረዲት ወይ ወፃኢ ምክፋል ምንካይ ክልውጥ ይኽእል እዩ፡፡ ኣብ ኣታዊ ዝህልው ለውጢ ስዒቡ ንትሑት ወፃኢ ትልሚ ብቑዕ ክትኸውን ትኽእል ኢኻ ወይ ኣታዊኻ እንተድኣ ወሲኹ ነዚ ለውጢ ድማ ሪፖርት እንተዘይጌርካ ነቲ ገለ ክፋል ግብሪ ክረዲት ክትምልስ ክግበር ይኽእል እዩ፡፡

ናብ Washington Healthplanfinder ብምእታው « Report a Change» («ለውጢ ሪፖርት ግበር») ዝብል ብምጥዋቕ ነቲ ለውጢ ሪፖርት ክትገብር ትኽእል ኢኻ፡፡ ደገፍ ንምርካብ ወይ ብስልኪ ኣቢልካ ንምሕባር ናብ ዓማውል ደገፍ ማእኸል ብ 1-855-923-4633 ደውል፡፡

**ናይ ታክስ ክሬዲታት ምውሃድ ኣገዳሲእዩ፡** ንዝረኸብካዮ ናይ ግብሪ ምሕረት ናብ IRS ክትሕብር ይግደድ። እዚ ድማ ዓመታዊ ናይ IRS ናይ ግብሪ እቶት ብምምላን እቲ ትኽክለኛ ናይ IRS ቅጥዒ ብምላእን ይትግበር፡፡ ንናይ ግብሪ ምሕረት ናብ IRS ዘይምሕባር ኣብ መጻኢ ናይ ግብሪ ምሕረት ንኸይትረክብ ይዓግተካ። ንዝያዳ ሓበሬታ ምስ ቅጥዕታት IRS 1095ን 8962ን ዝተዋህበ መምርሒታት ኣንብብ።

**እቲ ዝተርኣየ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ወጻኢ ክልወጥ ይኽእል፡** ወጻኢታት ብመሰረት ናይቲ ናይ ጥዕና መድሕን ተሸካሚ ናይ ውሕስነት ኣሰራርሓን ምርጫኻ ዝኾነ ይኹን ዝርከብ ኣማራጺታትን ክቕየር ይኽእል።

**እቶም ዝተዘርዘሩ መጠን ክፍሊታት ነቶም ዝተሓተቱ መዓልትታት ጥራሕ እዩ፡፡** ናይ ፕሪምየም መጠን በቲ ኣብ ገዛኻ ዝርከበ ሰባት ዕድመ መሰረት ዝገበረ እዩ፡፡ እቲ ትልሚ ኣብ ሞንጎ ዝግምገመሉ እዋንን ትልምኻ ዝጅምረሉ ዕለት (ተፈፃሚ ዝኾነሉ ዕለት) ኣባል ገዛኻ ልደቱ ዘኽብር እንተድኣ ኮይኑ ናይ ፕሪምየም ክፍሊት መጠንካ ክውስኽ ይኽእል እዩ፡፡ እቲ ዝመረፅካዮ ኬርየር ንዝኾነ እዋን ዝህልው መጠን ከም ዝኾነ ኣየረጋግፅን፡፡ እቲ መድሕን ኣቕራቢኻ ክፍሊት ከም ዝበፅሖ ክሳዕ ዘረጋግፅ ሽፋንካ ንጡፍ ኣይከውንን፡፡

**ናይ ዋሽንግተን ስቴት ናይ ስራሕ ድሕንነት ክፍሊ ናይ ደሞዝን ስራሕን መረዳእታኻ ን HBE ንክህብ ፈቓድ ሂብካ፡፡** እዚ ፈቓድ ክትህብ ከለኻ ኣብ Washington Healthplanfinder ዘሎ ናይ መመልከትን መስርሕ ዳግመ-ውሳነ ከይዲ ከም ዘቕልለልካ ኣፍልጦ ትህብ ኣለኻ፡፡ ኣብ ናይ ምሽጥራውነት ፖሊሲ ብዝገለፅናዮ መሰረት ውልቃዊ መረዳእታኻ ክሕለው እዩ፡፡ ናይ HBE ናይ ምሽጥራውነት ፖሊሲ ኣብ **wahealthplanfinder.org/us/en/privacy-policy.html** ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፡፡

## 4. ጥርዓን ኣቕርብ

ብመሰረት ናይ ፌደራል ሕግን ዩኤስ ናይ ጥዕናን ሰባትን ኣገልግሎት (HHS) ፖሊሲ መሰረት ብምግባር እዚ ትካል ብመሰረት ዘርኢ፣ ቀለም ቆርበት፣ መበቀሊ ሀገር፣ ፆታ፣ ዕድመ ወይ ስንክልና ኣድልዎ ካብ ምፍፃም ዝተገደበ እዩ፡፡ ናይ ኣድልዎ ጥርዓን ንምቕራብ ን HHS ርኸብ፡፡

**Regional Manager,**
**Office for Civil Rights**
**U.S. Department of Health and Human Services**
2201 Sixth Ave. M/S: RX-11
Seattle, WA 98121-1831
**ቴሌፎን፡** 1-800-368-1019
TDD: 1-800-537-7697
**ፋክስ**: 206-615-2297

ብተወሳኺ ድማ ሲቪል መሰላት ጥርዓን ናብ HHS ሲቪላዊ መሰላት ቤት ፅሕፈት ክተእትው ትኽእል ኢኻ፡፡

Washington State Health Care Authority

[English] Language assistance services, including interpreters and translation of printed materials, are available free of charge. Call 1-800-562-3022 (TRS: 711).

[Amharic] የቋንቋ እገዛ አገልግሎት፣ አስተርጓሚ እና የሰነዶችን ትርጉም ጨምሮ በነጻ ይገኛል፡፡ 1-800-562-3022 (TRS: 711) ይደውሉ፡፡

[Arabic] خدمات المساعدة في اللغات، بما في ذلك المترجمين الفوريين وترجمة المواد المطبوعة، متوفرة مجاناً، اتصل على رقم 1-800-562-3022 (TRS: 711).

[Burmese] ဘာသာပြန်ဆိုသူများနှင့် ထုတ်ပြန်ထားသည့် စာရွက်စာတမ်းများဘာသာပြန်ခြင်းအပါအဝင် ဘာသာစကားအထောက်အကူဝန်ဆောင်မှုများကို အခမဲ့ရနိုင်ပါသည်။ 1-800-562-3022 (TRS: 711) ကိုဖုန်းခေါ်ဆိုပါ။

[Cambodian] សេវាជំនួយភាសា រួមមានទាំងអ្នកបកប្រែផ្ទាល់មាត់ និងការបកប្រែឯកសារបោះពុម្ព គឺអាចរកបានដោយឥតគិតថ្លៃ។ ហៅទូរស័ព្ទទៅលេខ 1-800-562-3022 (TRS: 711)។

[Chinese] 免费提供语言协助服务，包括口译员和印制资料翻译。请致电 1-800-562-3022 (TRS: 711)。

[Farsi (Persian)] خدمات کمک زبانی، از جمله مترجم شفاهی و ترجمه اسناد و مدارک (مطالب) چاپی، بصورت رایگان ارائه خواهد شد.با شماره (TRS: 711) 1-800-562-3022 تماس بگیرید.

[French] Des services d’aide linguistique, dont des interprètes et la traduction des documents, sont disponibles gratuitement. Appelez le 1-800-562-3022 (TRS : 711).

[Korean] 통역 서비스와 인쇄 자료 번역을 포함한 언어 지원 서비스를 무료로 이용하실 수 있습니다. 1-800-562-3022 (TRS: 711)번으로 전화하십시오.

[Laotian] ການບໍຣິການດ້ານພາສາ, ລວມທັງນາຍແປພາສາ ແລະ ການແປເອກສານຕີພິມ, ມີໄວ້ໃຫ້ຟຣີໂດຍບໍ່ຄິດຄ່າ. ໂທຫາເລກ 1-800-562-3022 (TRS: 711).

[Pashto] په انګليسي ژبه باندې دپوهيدلو، په شمول د ژباړونکي او د چاپ شوي موادو ژباړه کولو د مرستي خدمتونه، پرته له تاديې په وړيا توګه شتون لري. دې خدمت ته لاسرسي موندلو لپاره دې شمېرې 1-800-562-3022 ته زنګ ووهئ (د اوريدلو يا خبرو کولو معلوليت لرونکې خلکو د زنګ وهلو شمېره (TRS): 711)

[Portuguese] Serviços de assistência linguística, incluindo interpretação e tradução de versões impressas, estão disponíveis gratuitamente. Ligue para 1-800-562-3022 (TRS: 711).

[Punjabi] ਭਾਸ਼ਾ ਸਹਾਇਤਾ ਸੇਵਾਵਾਂ—ਦੁਭਾਸ਼ੀਏ ਅਤੇ ਪ੍ਰਿੰਟ ਕੀਤੀ ਹੋਈ ਸਮੱਗਰੀ ਦੇ ਅੰਨੁਵਾਦ ਸਮੇਤ—ਮੁਫ਼ਤ ਉਪਲੱਬਧ ਹਨ। 1-800-562-3022 (TRS: 711) 'ਤੇ ਕਾਲ ਕਰੋ।

[Russian] Языковая поддержка, в том числе услуги переводчиков и перевод печатных материалов, доступна бесплатно. Позвоните по номеру 1-800-562-3022 (TRS: 711).

[Somali] Adeego caawimaad luuqada ah, ay ku jirto turjubaano afka ah iyo turjumid lagu sameeyo waraaqaha la daabaco, ayaa lagu helayaa lacag la’aan. Wac 1-800-562-3022 (TRS: 711).

[Spanish] Hay servicios de asistencia con idiomas, incluyendo intérpretes y traducción de materiales impresos, disponibles sin costo. Llame al 1-800-562-3022 (TRS: 711).

[Tagalog] Mga serbisyong tulong sa wika, kabilang ang mga tagapagsalin at pagsasalin ng nakalimbag na mga kagamitan, ay magagamit ng walang bayad. Tumawag sa 1-800-562-3022 (TRS: 711).

[Tigrigna] ተርጎምትን ናይ ዝተፅሓፉ ማተርያላት ትርጉምን ሓዊሱ ናይ ቋንቋ ሓገዝ ግልጋሎት፤ ብዘይ ምንም ክፍሊት ይርከቡ፡፡ ብ 1-800-562-3022 (TRS: 711) ደውሉ፡፡

[Ukrainian] Мовна підтримка, у тому числі послуги перекладачів та переклад друкованих матеріалів, доступна безкоштовно. Зателефонуйте за номером 1-800-562-3022 (TRS: 711).

[Vietnamese] Các dịch vụ trợ giúp ngôn ngữ, bao gồm thông dịch viên và bản dịch tài liệu in, hiện có miễn phí. Gọi 1-800-562-3022 (TRS: 711).